# ፀላእትና: ምስጋና: ይብፃኹም፣ ቓንዩልና፣ንበሩልና::

ኣምለሰት ተስፋይ ዕለት 4/24/2018

ንሰብሲ፡ ድኽመቱ፡ ንበይኑ፡ ንገሮ፡ ጥንኩር:ጎኑ፡ ድማ፡ ኣብ፡ቓድሚ፡ሰብ፡ ንገሮ፡ እዩ፡ ዝበሃል:እሞ: ንበይንኹም፡ እንተንዛረበኩም፡ ደስ፡ምበለና፡ ነይሩ።

ፀላእትና ፡ምስጋና ፡ይብፃኹም፡ ቓንዩልና። ልዕሊ፡ ሕወሃትን: ልእሊ፡ኹሉን፡ ንስኻትኩም: ፀላእትና፡  ንስራህን፣ ንለውጥን ፣ንዕብየትን ፣ውህደትን (ሕብረትን) ፣ኣቕምን ፣ሓይልን፣ ትንሳኤን፣ ኾይንኩሙና። ካብ ህዝቢ: ንምሕዳግ(ንምምንጣል):እትምነዩዋ: ስልጣንን: ንናይ: ኢሳያስ(ወዲ:መድሕን: በራድ): ኣጀንዳ: ኣብ: ኢትዮጵያ: ንምፍፃም: እንክትብሉ፣ እግረ መንገድኹም፡ ንዓና ፡ዳግማይ: ናይ: ሃድነት: ህይወት፡ ንክንፈጥር፡ ጌርኩሙና፡፡ ብዘይ-ናይ-ህዝቢ፡ ድሊየት፡ ካብ ህዝቢ ንምሕዳግ: እትምነይዋ: ስልጣን: ግን: ፍጽም: ዘይትረኽቡዋ። ስልጣን: ጥራህ: እንከይኾነስ: እታ: እትፈርሕዋን ፣እትጽየፍዋን፣ እትሕቡኡላን፣ ሞትኩም፣ እውን፣ እንተኾነት: ፍፁም :ካባና፣  ዘይትረኽቡዋ።  ናትና : ለውጥን ፣ዕብየትን ፣ውህደትን ፣ትንሳኤን ፣ሃያል: ኣቕምን፤ረሃጽን፣ህዝብና ፡ ናታትኩም፡ ናይ: ብጠጠውኩም፡ ሞት፡ ካብኮነ ፡ እምበአርከስ፡ ብጠጠውኩም፡ ሽህ: ጊዜ: ንዘለአለም: እንዳሞትኩም: ንበሩ: እምበር፡ እታ፡ ናይ፡ ጀግና፡ ሞት ፡ ዝኾነት፡ ሃንቲ-ጊዜ-ሞት፡ ግን፡ ብፍፁም ፣ካባና፣ ብስጋ፡ ብፆት፡  ዘይትረኽቡዋ።  የግዳስ፡ ንናትና ፣ውህደትን ፣ሕብረትን: ምኽንያት፡ካብኾንኩምስ፣ ብድዉልኩም (ብጠጠኩም)፡ እንዳሞትኩም፡ ቓንዩልና: ንበሩልና: ንብለኩም። ንስኻቱም፡ ፀላእትና: ሕጅስ፤ ጠቒምኩምና። **ከም-ቓደምና፡** ንክንኽውን፡ ከም-ናይ: **ሞተር**: **ነዳዲ-ማይ፡ ሃይሊ፡** ኾይንኩሙና፡

ልባዊ፡ ምስጋናና፡ ኣብ፡ዘለኹሙዎ፡ኹሉ፡ ይብፃኹም። ዳርጋ፡ ሕድሪ፡ ስዉኣት፡ዝበልኩም፡መሲሉና። ንስኻትኩም፡ መዓስ፡ ደቐስቲ(ሃረስቲ)፡ ኾይንኩም፣ ትፈልጡ: ንህና፡ ግና፡ ብጠጠውና፡ደቒስና(ሃሪስና)፡ኢና፡እኮ፡ነይርና:: **ኣበራብሩና፤ደአ፡ ኣይትደቕሱ፡** ሃደራ: ሃደራ: ሃደራ: ንብለኩም፡ ደጋጊምና::

**ብደቂ፡ሽግ-ወየንቲ ፡እምበር፡እስካዕ-ማዓዝ፡እዩ፡ ብሽግ-ወየንቲ፡እትምሩሑን፡እትውከሉን፡ ኢልኩሙና፡፡** ንምንታይ :እዩ :ህወሃት :ኣብ :ዥግ :ወያነ :ተቸኪሉ :ጠጠው ዝበለ? ሕወሃት፡ ካፍቶም፡ ንሱ፡ ዘምሃሮም፡ ውድባት፡መሊሱ፡ ንሱ፡ ካብኦም፤ ክማሓር፡ ኣለዎ: ኢልኩሙና። ልዕሊ፡ ኹሉ፡ ስራህ፡ ንትውልዲ፡ ታሪካ፡ ምጽሃፍን፡ ምዕቛብን፡እዩ እምበር፡ወንበር፡ ምዕቛብ; ኣይኮነን፡ ነባሪ:ታሪክ: ኢልኩሙና።

ህወሃት፤ እድለኛ ፡ ድርጅት፡ እዩ :ሕዝቢ: ትግራይ: ዝመስል: ፃዕራም: ሕዝቢ :ሂዝኩም፡ኩሉ፡ ነገር፡ ኣብ፡ኢድኩም፤ እንዳሃለወ፡ ሰብ፡ ኣየፍረናን፡ ኣይትበሉና ፤ትግራይ፡ ሰብ፡ ሲኢና፡ ኣይትፈልጥን: ኢልኩሙና፡፡ ኣብ፡በዓልትን፡ ሽንጥሮን፡ ተጋዳላይ፡ ሽኮር፡ እንዳተመገበ፡መራሕቲ፤እንተዳኣ፡ኣፍሪኹም:ኹሉ፡ዩኒቨርሲትይን፡ኹሉ፡ሰብን፡ ኩሉ፡ ነገር፡ ኣብ፤ኢድኩም፡ እንዳሃለወ፡ መራሂ: የብልናን፡ ኣየፍረናን: ኣይበሃልን: ኢልኩሙና። ንንበዓል፡ ንሱን፣ ንስኻቱምን፣ ወዘተ...ትግራይ፡ ጥራህ፡ እንክይኮነስ፡ ኢትዮጵያ፡ምመሩሁ፡ ነይሮም፡ ኢልኩሙና:: ኣረ:ፀላእትና: ንስኻቱምስ፡ እስካዕ፡ ንዕረ፡በኟኹም: ቐንዩልና::

**ድህሪ፡26 ዓመታት፡ትግራይ፡ ናይ፡ድኽነትን፡ናይ: ስእነት፡ ፍትህን፡ መርኣያ: ክንኸውን፡ ኣይምተገበአናን፡ ነይሩ። ፀላእትና፡ ዝበልኩም**

**በሉ፡ ንህና ፡ መርኣያ፡ድኸነት፡ ኣይኮናን፡ ክንኸውን፡እውን፡ ኣይግበአናን።** ዘተሃረድናዮ፡ **ናይ፡ዕቤትን፣ማዕርነትን፣ፍትህን፡አብነት፡ንምኧን፤ ጥራህ፡ እዩ።** ብናታትኩም፡፡ፀላእትና፡ አጀንዳ፡ ክንሕሎኸ፡ ንሃንቲ፡ ማዓልቲውን፡ አይምተገበአናን፡ ነይሩ። ብሔር፡ብሔረሰባት፡ ንዑ፡ረዓዩልና፡ሕዚውን፡ ድኻታት፡ ኢና፡ ረአዩልና፡ እንዳተብሃለ፡ ናይ ኻልኦት፡ ኢትዮጵያውያን፡ ናይ፡ድኸነት፡መርኣያን፤ መለክዕን፡ኮይንና፡ ከንቕጽል፡ አይምተገበአናን፡ ነይሩ። ኡዙይ፡ ድኸመት እምበር፡ ጥንካረ፡ አይኮነን፡ ነይሩ። ናትና፡ ዋኒን፡ እንተነአሰ፡ ንምንታይ፡እስካዕ፤ ሕዚ፡ ዘይተለወጥና፡ ዘይዓበና፡ ኒሕ፡ ጥራህ፡ ክኸውን፡ ነይሩዎ ፡ሕዝውን፡ክኸውን፡ ዝግቦአ፡ንሱ፡ጥራህ፡እዩ፡ ንብለኩም።

ስለዝህ: ፀላእትና፡ ዝበልኩም: በሉ፡ **ንሕና: ንፀላእትና: ዝኾን: ግዜ: ብፍፁም: አይብልናን:: ንስኻትኩም: ግን: ኣይትደቕሱ፡ ሃደራ:** **ንስራህን፣ ንለውጥን ፣ንዕብየትን ፣ውህደትን: አበራብሩና::**

ኣምለሰት ተስፋይ (**ሽግ:ዓጋመና**)